Ref. No:______________
Date:________________

# ውድባዊ መግለጺ ደሞክራሲያዊ ምንቅስቃስ ሳሆ ኤርትራ [ደምሳኤ]

ምጅማር ብሬታዊቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ 1መስከረም 2020 አመልኪቱ ዝወጸ ውድባዊ መግለጺ ደሞክራሲያዊ ምንቅስቃስ ሳሆ ኤርትራ [ደ ምሳኤ]
እቲ ንነዊሕ ዘመናት ክቃለስ ዝጸንሐህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ህዝቢ ብሄረ ሳሆ ካብ 1941 ጀሚሩ ዝተወደበ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዘካይዱ ዝነበሩ አቦታት ካልኦት ብሄራትን ደቂ ብሄረ ሳሆን ብ1952 ድልየታት ህዝቢ ኤርትራ ዝነፈገ ንገለ ውሑዳት ሃገራት ገዲፍካ ድልየት አትዮጵያ ንምርዋይ አብ ፈደርሺን ዝተቘረነ ህዝቢ ኤርትራ አብ ጽላል ፖለቲካዊ ማሕበራት ብምውዳብ ክቋወም ብምውሳን ን10 ዓመታት አብ ዝትኻየደ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኩቡር ህወቶም ዝኸፈሉ አቦታት ኤትራዊያኒን ብፍላይ ካአ አቦታት ደቂ ብሄረ ሳሆ ክብሪ ይሰመዓዮም ።

ኩሉ አፍደግኡ ዝተዓጽወ ህዝቢ ኤርትራ እንኮ አማራጺኡ ብሬታዊ ቃልሲ ብምንባሩ አብ ካይሮ ብዝነበሩ ተማሃሮ ኤርትራውያን አቢሎም አብ ውሽጢ ሃገር ብስውአ ጅግና ሐሚድ አድሪስ ዓዋተ ዝተመርሐ ብ1961 ልክዕ ቅድሚ 59 ዓመት ዝጀመረ ብሬታዊ ቃልሲ እነሆ ዶባታ ዘረጋገጸት ሃገር መስሪቱ ይርከብ።

አብተን ዝሐለፉ 30 ዓመታት ብሬታዊ ቃልሲ ብፍላይ ካብ 1961 ክሳብ 1981 ኣብዝነበረ እዋን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ውድብን ዞባታትንዝመርሑዝነበሩ ደቂ ብሄረ ሳሆ ምንባሮምናይ ትማሊ ተዘክሮ እዩ ።

ካብ 1981 ክሳብ 1991 አብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ውን ኣዘዝቲ ሰራዊት ኮይኖም ኩቡር ሂወቶም ዝኸፈሉ ደቂ ኢዚ ብሄር ብምህላዎም ግደ ናይዚ ብሄር አብ ፖለቲካዊ ይኹን አብ ብሬታዊ ቃልሲ ዓቢ ምንባሩ ይፍለጥ።

ኢዚ እንከሎ ግን ታሪኽ ናይዞም ጀጋኑ አብ ዝኾነ ይኹን ታሪኽ አጋጣሚ ተዘኪሩ አይፈልጥን :ነዚ ክንዛረበሉ ዝገደደና ነገር ታሪኽ ጓዕጺጽካ ኣብዘን አብ ላዕሊ ዝተጠቅሳ ዓመተ ምህረት ዝላዓለ ዝናን ጅግንነትን ዝፍጽሙዝነበሩ ደቂ ብሄረ ሳሆ ክንሶም አብ ምድያታትን ጽሑፋትን ህዝባዊ ግንባር ይኹን አብ ካልኦት ምድያታት ብፍላይ ሓደ ወገን ዝፈጸሞ ጌርካ ምውሳድ ልሙድ ተርእዮ ኢንዳ ኮነ ይመጽእ አሎ: ምስኡ ዝተአሳሰር ውን ብዘይካ ሓደ ወገን እቶም ካልኦት ወገናት ከምደቂ ሃገር አብዘይዝከሩሉ ግዜ በጺሕና አለና ።

ደሞክራሲያዊ ምንቅስቃስ ሳሆ ኤርትራ ብአጋጣሚነዚ ኩቡር ዕለት አመልኪቱ ንህዝብታት ኤርትራ ብፍላይ ድማ ንህዝቢ ብሄረ ሳሆ ደሞክራሲያዊት ኤርትራ ንምትካል አብ ዝግበር ቃልሲ ኢጃሙየበርክት ከም ዘሎ ዝፍለጥ ኮይኑ: ምስ ኩሎም ደሞክራሲያዊያን ሓይልታት ኤርትራ ካብ መትከላትና ተበግስና ኩሉ መዳያዊ ሓድነት ንኽንገብር ድልዋት ምኳና ነፍልጥ። ንናጽነት ሃገር ዝተሰወኡን ንልአላውነትን ደሞክራሲያዊት ሃገር ንምትካል ዝስውኡ ዘለውን ጀጋኑና ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና ።

Ref. No:________________
Date:__________________

**ዘ ል አ ለ ማዊ ዝ ኽ ሪ ን ክ ብ ር ን ን ስ ዋ አ ት ና**
**ክ ፍ ሊ ዜ ና ን ባ ህ ል ን ደ ም ሳ ኤ**
**24 ነ ሓ ሰ 2020**
**NIM NOYYAH**